ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ
ደብረ ሰላም መድሓኔዓለም ቤተክርስትያን
ኣምስተልፌን- ኣምስተልላንድ
ሆላንድ።

**St. Eritrean Orthodox Tewahdo**
**Medhanie Alem Kerk**
**Amstelveen-Amstelland Holland.**

8 ግንቦት 2015 ግዕዝ
**16 May 2023**
**ደ/ሰ/መ/ኣ/ኣ2015-393**

በስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኣሓዱ ኣምላክ ኣሜን።

ጉዳይ፥ ኣኼባ ንኣባላት ደ/ሰላም መ/ዓለም ኣምስተልፌን-ኣምስተልላንድ፡

ናብ ኣባላት ደብረሰላም መድሓኔዓለም ኣምስተልፌን-ኣምስተልላንድ፡

መንፈሳዊ ሰላምታና ነቕርበልኩም። ሰላምን ጥዕናን ናይ ሥራሕ ኣሳልጦን ከኣ ንምነየልኩም።

ብምቕጻል ኩነታት ቤተክርስትያንና ኣመልኪትና፡ ነቲ ምዕባለታት በብጊዜኡ መግለጺታት ኣብ ቤተክርስትያንና ክንህብ ጸኒሕና ኔርና። ከም ኣድላይነቱ ከኣ ደብዳበ ክንልእከልኩም ጸኒሕና ኢና። ሕጂ ከኣ እቲ ክንሕብረኩም ዝጸናሕና ንቤተክርስትያንና ዝሃሲ ኣካይዳ ናይ ንኡስ ሃገረ ስብከት ከምኡ ቤ/ጽ/ ሃገረ ስብከትን፡ በጺሕዎ ዘሎን ኩነታትን፡ እቲ ክኸዶ ዝንቀሳቐሰሉ ዘሎ መደባትን፡ ብሓባር ክንከታተሎን ክንምክቶን ኣገዳሲ ምዃኑ እንዳ ገለጽና፡ ነዚ ዝስዕብ ዕድመ ንልእከልኩም ኣሎና፥
ሰበኻ ጉባኤ ኩነታት እንዳመዘነን ምቹእ ጊዜ እንዳ መረጸን፡ ነቲ ብጊዜኡ ከካይዶ ዝደሊን ዝሕልኖን ዝነበረ መደባት፡ ግን ድማ ብዝተፈላለየ ናይ ብድሆታት ምኽንያታት፡ ኣብ ገለ እዋናት ከይጠዓሞ ዝጸንሐ ምዃኑ ብምሕባር፡ ካብ ሕጂ መደባት ሰሪዑ ከካይዶ ምዃኑ ክገልጸልኩም ይፈቱ።

ካብ'ዚ ብምብጋስ ሰበኻ ጉባኤ ኣኼባ ንኩሎም ኣባላት ደብረሰላም መድሓኔዓለም ኣምስተልፌን-ኣምስተልላንድ

- ንዕለት 27 ግንቦት 2015 ግዕዝ (04/06/2023 ዓ.ም.ፈ.)
- ካብ ሰዓት 13:00 ክሳብ ሰዓት 17:00
- ኣብ ኣዳራሽ ቤተክርስትያን ደብረሰላም መድሓኔዓለም ኣምስተልፌን-ኣምስተልላንድ፡ ክካየድ መዲቡ ስለ ዘሎ፡ እነሆ እዚ ዕድመ ይልእከልኩም ኣሎ።
  ኣድራሻ፥ Amstelveenseweg 965
  1081 JG Amsterdam

**መተሓሳሰቢ፥**

- ንዘይሰምዑ ኣባላትና መልእኽትና ክበጽሖም ምእንቲ እዚ ሓበሬታ ከተካፍሉዎም ብኽብሪ ንሓተኩም።

ብደሓን ምጽኡ።



ምስ መንፈሳዊ ሰላምታ

እግዚኣብሔር ኣምላኽና ሃገርና ኤርትራን ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቅድስቲ ቤተክርስትያንናን ይባርኸልናን ይዓቕበልናን።

*ሰበኻ ጉባኤ ደ/ሰላም መ/ዓለም / Het Kerkelijk bestuur van Debreselam Medhanie Alem* Email: debreselammedhaniealem@gmail.com; Website: www.debreselam-medhaniealem.com
**Amstelveenseweg-965, 1081JG Amsterdam Nederland**